# ሓበሬታ ብዛዕባ ኣባል ናይ ኣል ኦትሮ ላዶ ምዃን ተኽእሎ ንዘሎዎም

***Al Otro Lado v. Mayorkas,* Case No. 17-02366 (S.D. Cal.)**

**ንስኻ፡- (1) ዕቑባ ንምርካብ ቅድሚ 16 ሓምለ 2019 በቲ ኣብ ዶብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካን ሜክሲኮን ዚርከብ ዶብ ኣቢልካ ናብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ ኽትኣቱ ደሊኻ እኳ እንተነበርካ ግና, (2) ኣብ እቲ ኬላ ብዝነበረ ፀገማት ሰልፊ ክሳብ 16 ሓምለ 2019 ወይ ቅድሚኡ ኣብ ዝነበረ ግዜ ዶብ ሰጊርካ ናብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ (ሕ. መ. ኣ.) ኽትኣቱ ኣይከኣልካን፣**

**ኣብ ዶብ ክትኣቱ ኽለኻ (3) መክሲካዊ ወይ ዜጋ መክሲኮ ኣይኰንካን፣ ከምኡውን (4) ኣብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ ዕቑባ ኽትረክብ ትደሊ ኢካ፡ ር ነዞይ እንተኣማሊእኻ እቲ ኣብ ቤት ፍርዲ ኣል ኦትሮ ላዶ (Al Otro Lado class action lawsuit) ዝቐረበ ቅድመ ኹነት ዝምልከተካ በዓል ጕዳይ ኢኻ። ኣል ኦትሮ ላዶ ተባሂሉ ዚጽዋዕ ኣፈናዊ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ዝምልከተካ በዓል ጉዳይ እንተ ኼንካ፥ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ሕ. መ. ኣ. ነቲ ዕቑባ ንምርካብ ዘሎካ መሰል (ፍቓድ) ዚቕይድ ሕጊ ካብ ምትግባር ክከልክለካ (ከተዓናቕፈካ) ኣይኽእልን እዩ ። እቲ ኣፈናዊ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ዝምልከተካ በዓል ጉዳይ እንዳሃለኻ መንግስቲ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ ነቲ "ሳልሳይ ሃገር ምምሕልላፍ"ዝብል ሕጊ (the third-country transit rule) ኣብ ናይ ዕቑባኻ ምሕታት መሰልካ እንተ ኣውዒልዎ ጕዳይካ ኸም ብሓድሽ ክኽፈት ወይ ዳግመ ግምት ክወሃበካ መሰል ክህልወካ ይኽእል እዩ።**

እዚ ሓበሬታ እዚ ካብ ጠበቓ ዝቐረበ ፍታሕኣይኮነን ዋላ ሓንቲ ረብሓዊ ማክሰብ/ክፍሊት እውን የብሉን።

**ትሕዝቶ** እቲ ኣፈናዊ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ እንታይ እዩ ?

ኣል ኦትሮ ላዶ ሞገት ምስ . ማዮርካስ ዝበሃል መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ዶብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ሜክሲኮን ኣብ ዝርከብ ኬላ ሰልፊ (metering) ብምጥቃም ናይ ስግረ ዶብ ንምክልካል ዝጥቀመሉ ዝነበረ ኣገባብ እተተሓሓዘ ጉዳይ ኢዩ። እቲ ቤት ፍርዲ ኣብዚ ጉዳይ እዚ መንግስቲ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ "ናይ ሳልሳይ ሃገር መምርሒ ምስግጋር " ተባሂሉ ዚፍለጥ ሕጊ ኣብ ኣባላት "ኣፈናዊ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ" (PI) ኸይትትግብሮ ዚኽልክል እዩ፡- ኣባላት ክፍሊ ፒ. ኣይ. ዝበሃሉ

ኵሎም ብምኽንያት እቲ መንግስቲ ኣሜሪካ ዘውጽኦ ኬላ ሰልፊ ምጥቃም (metering) ፖሊሲ ምኽንያት ቕድሚ 16 ሓምለ 2019 ኣብ ኬላታት መእተዊ ዶብሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ቀጥታዊ ዕቑባ ኪሓቱ ዘይኸኣሉን ዑቑባ ክግበረሎም ዘይከኣሉን ኾይኑ ግና ሕዚውን ዑቑባ ክሓቱ ዝደልዩን ሜክሲካው ዜግነት ዘይብሎም ሰባት ይምልከት።

ጸኒሑ እቲ ቤት ፍርዲ ዘውጾኦ ሕጊ (1) መንግስቲ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ ኣባላት ክፍሊ ፒ. ኣይን (PI) እዝ ጉዳይ ዝምልከቶምን ከለሊ 2) መንግስቲ ኣሜሪካ ነቶም ኣብ ትሕቲ ቐይዲ ዲ. ኤችን. ኤስ. (D.H.S) ወይ ከኣ ኣብ ምምሕዳራዊ ጉዳያት ስደተኛታት ጉዳዮም እናተርኣየ ዝርከብን መንነቶም እተፈልጡ ኣባላት ክፍሊ ፒ.ኣይ ከለሲ; ከምኡውን (3) መንግስቲ ኣሜሪካ ነቶም ኣባላት ክፍሊ ፒ. ኣይ. እንዳሃለው "ናይ ሳልሳይ ሃገር መምርሒ ምስግጋር " ተባሂሉ ዚፍለጥ ሕጊ ተወሲንዎም ዑቕባ ዝተኽልከሉ ግለሰባት ሕሉፍ ውሳነታት ከም ብሓድሽ ክኽፈትን ጉዳዮም ደጊሙ ክረኣይን ሓቲቱ (ኣዚዙ) ።

ብመሰረት እዚ ቤት ፍርዲ ዝሃቦ ትእዛዝ ኣባል ክፍሊ ፒ. ኣይ. እንተ ኼንካ መንግስቲ ኣሜሪካ ነቲ "ናይ ሳልሳይ ሃገር መምርሒ ምስግጋር " ተባሂሉ ዚፍለጥ ሕጊ ኣብቲ ናይ ዕቑባ እትሓትቶ ሕቶ ከትግብሮ ኣይክእልን እዩ። ኣባል ክፍሊ ፒ. ኣይ. እንተ ኼንካ መንግስቲ ድማ ነቲ ኣብ ሳልሳይ ሃገር ዚርከብ ናይ ንግዲ ሕጊ ናብ ሕቶ ዕቑባኻ እንተ ኣውዒልዎ ጉዳይካ ኸም ብሓድሽ ኪኽፈት ወይ ዳግመ ግምት ኪወሃበካ መሰል ኪህልወካ ይኽእል እዩ።

**ምውሓስ ዶብ ኬላ ሰልፊ ምጥቃም("metering" )እንታይ እዩ?**

*ወይስ ሕቶታት ? ብዛዕባ ቃለመጠየቅ ኣባልነት ፒ. ኣይ. ፒ. ኣይ. ምስ ኣል ኦትሮ ላዶ ቭ. ማዮርካስ ምኽሪ ኽፍሊ ብኢ-መይል MeteringClass@splcenter.org ክትልእኽ ትኽእል ኢኻ.*

*መንግስቲ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ ኣብ ዶብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካን ሜክሲኮን ናብ ዚርከብ ሕጋዊ መእተዊ ናቑጣታት/ኬላ ሰነዳት ዘይማልኡን ዜጋታት ዘይኰኑን ግለሰባት ንምቊጽጻር ዝጥቀሙሉ ሜላ ሰልፊ ኢዩ። ናይዚ ኣብ ኬላ ሰልፊ ምጥቃም ግዳይ እትኸውን*

- *ናብ ሓደ ኣብ ዶብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካን ሜክሲኮን ዝርከብ ኬላ ቐሪብካ ናብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ ኽትኣቱ ትፀበ ከምዘሎካ ወይ ከኣ ከሕጉዙካ ዓቕሚ ኽም ዘይብሎም ተነጊሩካ እንተነይሩ፣*

*ወይ*

- *ኣብ ጥቓ ዶብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካን ሜክሲኮን ኣብ እትርከብ ሓንቲ ከተማ ምስ በፃሕካ ስምካ ኣብ ሜክሲኮ ኣብ ዚርከብ ዝርዝር ኣሳሳዒ (ኣሳለጥቲ/ተፀበይቲ) ትመዝገብካ ወይ ስምካ ኣቐሚጥካ እንተኔርካ ወይ ከዓ ከምኡ ኽትገብር ፈቲንካ እንተኔርካ ።*

*ከኸውን ይኽእል እዩ ።*

*"ናይ ሳልሳይ ሃገር መምርሒ ምስግጋር " ተባሂሉ ዝፍለጥ ሕጊ* **እንታይ ኢዩ?**

*መንግስቲ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ ብ16 ሓምለ 2019 ነቲ "ናይ ሳልሳይ ሃገር መምርሒ ምስግጋር " ተባሂሉ ዝፍለጥ ሕጊ ኣብ ግብሪ ኣውዒሉ። እቲ "ናይ ሳልሳይ ሃገር መምርሒ ምስግጋር " ተባሂሉ ዝፍለጥ ሕጊ ዝኾነ ይኹን ሰብ እንተድኣ (1) ካብ መክሲኮ ወጻኢ ካብ እትርከብ ሃገር እንተመፂኡ፣ (2) ኣብ መክሲኮ ወይ ኣብ ካልእ ሃገር ዕቑባ ወይ ካልእ ሕጋዊ ከለላ እንተዘይሓቲቱ (3) ብ16 ሓምለ 2019 ወይ ድሕሪኡ ዶብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ሜክሲኮን ኣቢሉ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ እንተዘይኣትዩን*

*ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዕቑባ ክረክብ ብቑዕ ከም ዘይኮነ ይገልፅ።*

<u>*ስለምንታይ እየ ነዚ ሓበሬታ እዚ ዝወሃብ ዘለኹ ? ዝቅጽል ከ እንታይ እዩ ክፍጠር?*</u>

*ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ መዛግብቲ ከምዚ ዝስዕብ ብምባል ስለ ዝሕብር ነዚ ሓበረታ እዚ ክተረክብ ክኤልካ ኣሎኻ - (1) ኣባል ናይ ፒ. ኣይ. ክትኸውን ስለእትኽእል (2) መንግስቲ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ ነቲ "ናይ ሳልሳይ ሃገር መምርሒ ምስግጋር " ተባሂሉ ዝፍለጥ ሕጊ ኣብ ዘቕረብካዮ ሕቶ ዑቑባ ስለዘተግበሮ ፣ (3) ብመሰረት "ቕልጡፍ ናይ ምውጻእ ትእዛዝ" ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኽትወጽእ ተኣዚዝካ ስለዝነበርካ፣ (4) ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ ኢኻ ተጸጊዕካ እትቕመጥ ዘሎካ ።*

***ነዚ ምልክታ እዚ ትቕበሎ እንተ ኣሊኻ እሞ ሕዝውን ኣብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ እንተ ሃሊኻ : ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዜግነትን ስደተኛታትን ኣገልግሎት (USCIS) ናይ ፒ. ኣይ ( PI Class) ኣባልነት መፃረዪ ቃለመሕትት ብኣካል ክገብሩልካ እዮም (ከምዚ ዝኣመሰለ ቃለመሕትት ቅድሚ ሕዚ እንተ ዘይተገርካ)። ኣብ ቅድሚ ሰራሕተኛ ቤትፅሕፈት USCIS ቓለ-መሕትት ክግበረልካ ምኺኑ ዝሕብር ሓበሬታ ምስዚ ምልክታ እዚ ተተሓሒዙ ኣሎ:: ካብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ ወፃኢ እንተድኣሃሊኻ ኮይኑ ግና ዕቑባ ኽትረክብ ትደሊ እንተ'ኼንካ ከምኡውን መንግስቲ ኣመሪካ ነቲ "ናይ ሳልሳይ ሃገር መምርሒ ምስግጋር " ተባሂሉ ዝፍለጥ ሕጊ ኣባኻ ኽምዘውዕሎ ኣንተኣሚንካን ናይ ፒ. ኣይ ማሕበር ( PI***

*ወይስ ሕቶታት ? ብዛዕባ ቃለመጠየቅ ኣባልነት ፒ. ኣይ. ፒ. ኣይ. ምስ ኣል ኦትሮ ላዶ ብ. ማዮርካስ ምኽሪ ኽፍሊ ብኢ-መይል [MeteringClass@splcenter.org](mailto:MeteringClass@splcenter.org) ክትልእኽ ትኽእል ኢኻ.*

**Class) መፃረዪ ቃለመሕትት ክግበረልኻ በዚ ዝስዕብ መስርሕ ክትሓትት ትኽእል ፦ (1) ምስ መማኸርቲ እቲ ኣባልነት ብዝስዕብ ኣድራሻ ተራኸብ(MeteringClass@splcenter.org;) ከምኡውን (2) ነቲ ኣድራሻኻ ኣመሓይሾ። ኣድራሻኻ እተመሓይሾ ኣብቲ ተዋሂቡካ ዘሎ መዘኻኸሪ ቃለ-መጠይቕ ተገሊፁ ዘሎ ቤት ጽሕፈት ይኸውን።**

እዚ ሓበሬታ እዚ ኣባልነት ክፍሊ ፒ. ኣይ. (PI) ዘረጋግፅ **ኣይኮነን።**

ኣብቲ ቓለ-መሕትት እተገብረሉ እዋን እቲ ሰራሕተኛ ቤትፅሕፈት ሕቶታትዕቑባ ቕድሚ 16 ሓምለ 2019 ናብ ዶብ ክትኣቱ ፈቲንካ እንተ ኼንካ ንምፍላጥ ሕቶታት ክሓትተካ እዩ። ብመሰረት ኣብ እቲ ቓለ-መጠይቕ እትወሃቦ መምርሒ ኣባልነት ክፍሊ ፒ. ኣይ. ከምዝምልከተካ ዘረድኡ መረዳእታትታት ክተቕርብ ትኽእል ኢኻ። እተቕርቦ መረዳእታ ከምዞም ዝስዕቡ ዝኣመሰለ መርትዖታትን ካልእን ከጠቓልል ይኽእል እዩ። ንሳቶም ድማኣብ መክሲኮ ዝተጉዓዝካሉን ዝፀናሕኻሉን ዕለት ዝሕብር ሰነዳትን፥ ስምካ ኣብ ዝርዝር ኣሳሳዪት (ኣሳለጥቲ/ተፀበይቲ) ተመዝጊቡ ምንባሩ ዝገልጽ ሰነድ፥ ከምኡውን ቅድሚ 16 ሓምለ 2019 ናብ ዶብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ ንምእታው ፈቲንካ እንተኼንካ ወይ ኣብ ኬላ ሰልፊ ምጥቃም(“metering” ) ግዳይ ከምዝኾንካ ዚገልጽ ኣዋጃት ወይ መረጋገጺታት የጠቓልል ።

ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዜግነትን ስደተኛታትን ኣገልግሎት (USCIS) ቤት ፅሕፈት ኣባል ክፍሊ ፒኣይ ክትኸውን ትኽእል ኢኻ ኢሉ እንተኣሚኑ ናይ ፍርሒ ሓድሽ ቃለ መጠይቕ ኽትገብር መደብ ከውፅኣልካ እዩ።

ኣባል ክፍሊ ፒ. ኣይ. (PI) ድየ ?

| ☑ ኣባል ማሕበር (ክፍሊ) ፒኣይ (PI) ኢካ እንተድኣ: | ✖ ኣባል ማሕበር (ክፍሊ) ፒኣይ (PI) ኣይኮንካን እንተድኣ: |
|---|---|
| ☑ ዜጋ ሜክሲኮ ወይ ሜክሲካዊ ኣይኰንካን፣<br>☑ ቅድሚ 16 ሓምለ 2019 ግዳይ ኬላ ሰልፊ ምጥቃም(“metering” )ኔርካ፣<br>☑ ክሳዕ/ኣብ 16 ሓምለ 2019 ወይ ድሕሪኡ ዶብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ሜክሲኮን ሰጊርካ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣይኣተኻን፣ ከምኡውን<br>☑ ዕቑባ ሓቲትካ ወይ ፍርሒ ኣለኒ እንተኢልካሕ ከምኡውን ኣብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ ዕቑባ ኽትረክብ እንተደሊኻ . | ✖ ሜክሲካዊ ዜጋ ኢኻ<br>✖ ቅድሚ 16 ሓምለ 2019 ኣብ ዶብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ሜክሲኮን ወይ ኣብ ጥቓኡ ኣይነበረካን፣<br>✖ ኣብዚ ቐረባ እዋን ቅድሚ 16 ሓምለ 2019 ናብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ ኣተዉካ ወይ ከኣ<br>✖ ኣብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ ኣቲኻ ዕቑባ እውን ተዋሂቡካ ኣሎ ። |

*ወይስ ሕቶታት ? ብዛዕባ ቃለመጠየቅ ኣባልነት ፒ. ኣይ. ፒ. ኣይ. ምስ ኣል ኦትሮ ላዶ ብ. ማዮርካስ ምኽሪ ኽፍሊ ብኢ-መይል MeteringClass@splcenter.org ክትልእኽ ትኽእል ኢኻ..*

**ብኸመይ ዝያዳ ሓበሬታ ኽረክብ ይክእል ?**

ብዛዕባ  መፃረዪ ክፍሊ ኣባልነት ፒ.ኣይ ኣብ እትገብሮ  ቓለ-መሕትት ሕቶታት እንተሃልዩካ ምስ ጠበቓ ስደተኛታትካ ኽትራኽብን ክትሓትትን ትኽእል ኢኻ። ወይከዓ ምስቲ ኣብ ንቓለ-መሕትት ክትቐርብ ዝሓትት ደብዳበ  ተዘርዚሩ ዘሎ ቤት ጽሕፈት ዕቑባ ኽትረክብን ክትሓትትን ትኽእል ኢኻ።

ብዛዕባ  ሞገት ኣል ኦትሮ ላዶ  ኽሲን ቐድመ ውሳነ  （Preliminary Injunction） ተወሳኺ ክትፈልጥ እንተድኣደሊኻ ነዝ ጉዳይ ንዝወከሉ ጠበቓታት .  （ምኽሪ ኽፍሊ）  ብኢ-መይል ኣብ MeteringClass@splcenter.org ክትሓቶም ትኽእል ኢኻ ።.

ምኽሪ ክፍሊ ነቶም ዕቑባ ዝደልዩ ውልቀ - ሰባት ኣብ ጕዳያቶም ኣብ ቅድሚ መንግስቲ ኣይውክልን  （ክውክል ኣይኽእልን እዩ ） ። ብዘይ ገለ ወፃ ኢ መንግስቲ ኣሜሪካ  ምስ ሓደ ዝመረጽካዮ ሕጋዊ ተወካሊ ኽትራኽብ መሰል ኣሎካ ።

*ወይስ ሕቶታት ? ብዛዕባ ቃለመጠየቅ ኣባልነት ፒ. ኣይ. ፒ. ኣይ. ምስ ኣል ኦትሮ ላዶ ቭ. ማዮርካስ ምኽሪ ኽፍሊ ብኢ-መይል MeteringClass@splcenter.org  ክትልእኽ ትኽእል ኢኻ.*